# “ኣድማሳዊ ሓቅታትን ኤርትራዊ ውድዕነትን”
# ኣብ ምድንጓይ ዓወት ተቓውሞ

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
## 30.05.2006

ንዓመታት፡ ተቓውምነት ኣንጻር እቲ ኣብ ኣርትራ ዘሎ ስርዓት ብንጹር ክካየድ ዝጸንሐኳ ኣንተኾነ፡ ክሳብ ሕጂ ግን ሽቶኡ ክሃርም ኣይከኣለን። ስለምንታይ? ሕምቀት ድዩስ ሽለልትነት? ልቦና ድዩስ ቅንዕና? ህዝቢ ንዲክታቶር ስለዝደገፈ ድዩስ፡ ወይ ብሜላታት ዲክታቶር ስለእተዳህለ? ወይ’ውን ዘለዓዕሎን ዝመርሑን ዘዳፍሮን ተቓዋሚ ሓይሊ ብቐረባ/ኣብ ውሽጡ ስለዘይረኸበ? ተባሂሉ ብዙሕ ካልእ እውን ክሕተት ባህርያዊ ኮይኑ፤ ብተግባርውን ክሕተትን ከካትዕን ዝጸንሐ ገና እውን ዘሎን ኢዩ። ኣብ ኣመላልሻ ናይ “ስለምንታይ ክሳብ ሕጂ ዓወት ዘይተረጋገጸ” ዝብል ሕቶ ድማ፡ ውድባትን ውልቀሰባትን ነናቶም ሚዛናት ክህቡሉ ዝጸንሑሉን ዘለዉሉን ከምዝኾነ ኩሉ ግዱስ ኣርትራዊ ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ።

ነዚ ሕቶ ዚ ንምምላሽ ክፍተን እንከሎ፡ ንሓይልታት ተቓውሞ ናይ “ስረኻ ብርእስኻ....” ዝመስል ቅድመ-ኩነታት ሰሪዕካ ብኡ ድማ ኣብ በዓልቤታዊ ፍርድታት ምብጻሕ ብዙሕ ሓጋዚ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። እንታይ ድኣ፡ ብሓደ ሸነኽ ንተቓወምቲ ብመንጽር ብዓቕምታቶምን ኩነታቶምን ክገብርዎ ዝኽእሉዎን ዝበቕዕዎን እናኣመዛዘንካን እናኣተባባዕካን እናደፋፍእካን ክኸየድ፤ በቲ ካልኣይ ሸነኽ ድማ ንባህርያትን ኣሰራርሓን ናይ’ቲ ኣብ ሃገርና ስልጣን ሒዙ ዝርከብ ዲክታቶርያዊ መንግስትን፡ ምስኡ’ውን ኩሉ’ቲ ንኤርትራ ከቢብዋ ዝጸንሐን ዘሎን ኣህጉራዊ ኩነታት ኣብ ግምት ዘእተወን፤ ኣብ ውድዕነት ዝተሞርኮሰ ሚዛን ኩነታት ተቓውሞ ክህሉ ሃናጺ ክኸውን ይኽእል።

ኣብዚ እዋንዚ ንዘይምዕዋት ቃልሲ ተቓውሞ ብዝምልከት፡ ዘይተጻሕፈን ዘይተጠቕሰን ነጥቢ የለን እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ዝጎደለ እንተሎ፡ ነዚ ሃብታም ዝኾነ ምንጪ ኣኪቡን ኣጽኒዑን ሕመረቱ ዘቕርብን፡ ከም ታሪኽ ዝምዝግብን ኣጽናዒ ወይ ተመራማራይ ኢዩ ክብሃል ይከኣል። እዚ ማለት ግን፡ ተጸኒዑ ስለዝወጸ ሚእቲ ብሚእቲ ደገፍ ይረክብ ኢዩ ንምባል ዘይኮነ፤ ነቲ ንክጥቀመሉ ድልየትን ቅንዕናን ነፍሰ-ምትእምማንን ዘማልአ ዝሕግዝ፤ ነቲ ብዝተፈላለየ ኣበሃህላታትን ፕሮፖጋንዳዊ ወፍርታትን ዝተደናገረ ሸነኻት ከኣ መብርሂ ክኸውንን፤ ንታሪኽ ድማ ብጽፉፍ ክቕመጥን ኢዩ።

ቃልሲ ተቓውሞ ናይ ዘይምዕዋቱ ምኽንያታት፡ ከምቲ እተባህለ ብዙሕ ክጥቀስ ዝጸንሐን ዘሎን እኳ እንተኾነ፡ ነቲ ጸገማት ኣነጺርካ ንምፍላጡ ዝኣክል፡ ንኩሉ ሸነኻቱ ምፍታሽ ኣገዳስነት ዘለዎ ኢዩ። ቃልሲ ኣብ ሽቶኡ ዘይምብጽሑ፡ ብድኽመታት ውድባት ጥራሕ ክግለጽ እንተኾይኑ፡ ዘይምሉእን ዘይብቑዕን እዩ ክኸውን። እቲ ናይ ሓቂ ምኽንያታት፡ ዝተኣታተወ’ኳ እንተመሰለ፡ ገሊኡ ኣድማሳዊ ሓቅታት ኢዩ ክበሃል ክከኣል ከሎ ገሊኡ ድማ ወድዓውን በዓልበታውን ኣርትራዊ ምኽንያታት ኢዩ።
ኣድማሳዊ ሓቅታት ክበሃል እንከሎ፤ ኣብዚ ኣርእስቲ’ዚ፤ እቲ ኣብ ዝኾነት ዲክታቶር ዝመርሓላ ሃገርን ህዝብን ከጋጥምን ክርአን ግድን ዝኾነ ምኽንያታት ማለት ምዃኑ ከም ሓደ መዘተዪ ነጥቢ እስከ ንውሰድ።

ዝኾነ ዲክታቶር ንህዝቢ ምሉእ ብምሉእ ብምቁጽጻር ነቲ ኣብ ሞንጎኡን (ህዝብን) ኣብ መንጎቲ ነቲ ስርዓቱ ዝቃወም/ዝቃወሙ ሓይሊ/ሓይልታትን፡ ርክባትን ዝምድናታትን ንከይህሉን ከይወሃሃድን ዝዓግት ከምዝኾነ ኣድማሳዊ ሓቅነት ዘለዎ ኢዩ።

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ፡ ብኣረጊትን ሓዲስን ሜላታት ንኣእምሮ ህዝቢ አርትራ ብዘገምታ (ብፍላይ ድሕሪ ናጽነት) ኣብ ትሕቲ ምሉእ ምቁጽጻሩ ንከእትዎ ዝገበሮን ዝገብሮ ዘሎን ብልሓታት ውሑድ ኣይኮነን። ካብ ዕለት ናጽነት ኣትሒዙ “ብዘይካይ ካልእ ኣምላኽ የልቦን” ዘስምዕ፡ ን”ህላዌ” ናይ ካልኦት ውድባት ዝነጽግ ቅዋሙ፡ ሓደ ካብቲ ፈተነታቱ ኮይኑ፤ ህዝቢ አርትራ ምስ ጎረባብቱ ብሰላም ንከይነብር፤ ብፍላይ ድማ ንጉዳይ ዲሞክራሲ ብዝምልከት ናይ ጎረባብቲ ኣህዛብ ንፋሳት ናብ ህዝቢ ኤርትራ ከይበጽሕን ከየስተብህለሉን፡ ንገዛእ ርእሱውን ኣብ ልዕሊ መራሕቱ ጠለባት ከየቕርብን ናዕብታት ከይለዓልን፤ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ምስ ኩለን ጎረባብቲ ሃገራት በብተራ ኣብ ውግእ ኣተወ። ህዝቢ ድማ ንሃገሩ ቀዳምነት ብምሃብ ኣብቲ ዝተዳለወሉ ወጽመድ ኣተወ። ህዝቢ፤ ብፍላይ እቲ ብባህርያቱ ደላይ ለውጢ ዝኾነ መንእሰይ፡ ካብ ስድራብቱን፡ ገዝኡን፡ ትምህርቱን፡ ምርሓቑ ጥራይ ዘይኮነስ፤ ነቲ ኣብ ሃገሩ ክልውጦን ከምጽኦን ዝሕልኖ ዝነበረ ሕልምታቱ፡ ይትረፍ ክትግብሮስ፡ ክሓስበሉውን ኣብ ዘይክእለሉ ስንጭሮታትን ጎቦታትን ዱርን በረኻታትን ተደርብዩ ከብቅዕ፡ ሓሳባቱ ኩሉ ኣብ ናይ ገዛእ ርእሱ ጉዳይ ጥራይ ተሓጺሩ ከስተንትን ተገይሩ ኢዩ። እዚ ስለዝኾነ ድማ ኢዩ ሎሚ፡ አርትራዊ መንእሰይ፡ ኣብ ፈቐዶ መደበራት ስደተኛታት ጎረባብቲ ሃገራት ፋሕ ኢሉ ተዓቍቡ ዝርከብ ዘሎ።

ኣብ ልዕልዚ’ውን፡ ሓደ ኣድማሳዊ ሓቅነት ዘለዎ ተግባራት ዲክታቶራውያን ኣብ ሃገርና’ውን ንረክብ። እዚ ድማ፡ ዝኾነ ዲክታቶር ስልጣኑ ከይግደፍ ምርርግጋጽ ቀዳማይ ዕላምኡ ብምዃኑ፡ ሕሉፍ ዝኾነ ናይ ጸጥታ ሰክዔታት ብምምሃዝ ኣብ ውሻጠ ከይተረፈ ዝዝረብ ብምክትታል ንሓፋሽ ዘርዕድን ሓቢሩ ከይመክር ፈጺሙ ዕድል ዝኸልእን ምዃኑ ኢዩ። ከምኡውን ናይ ፕሮፓጋንዳ ማዕከናቱ ወግሐ ጸብሐ ነቲ እቲ ስርዓት ዲክታቶር ከስርጾ ዝደሊ ሓሳባት ጥራሕ እናደጋገመ፡ ንሓንጎል ናይቲ ካልእ ናይ ዜናታት ምንጪ ዘይብሉ ሕብረተሰብ ይጨውዮ’ሞ ክሳብ ምስ ጥቕሙ ንክጋጮውን ይገብሮ (ንኣብነት ኣንጻር ተቓውሞ መርገጽ ምሓዝ)።

ኩሎም ዲክታቶራውያን ዝኽተልዎ ምጣኔ ሃብታዊ (ቁጠባዊ) ፖሊሲ ኣዝዩ ዝተመሳሰለ ኢዩ። እዚ ድማ፡ ንኹሉ ምንጭታት ሃብቲ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ምቁጽጻሮም ምእታው ኮይኑ፤ ነቶም ኣብ ምርግጋጽ ምጣነ ሃብታዊ ምዕባለ ሃገር ዝሕግዙ ወነንቲ ርእሰማል ታሪኻዊ ግደታቶም ንከየበርክቱ ይዓግትዎም። ውጽኢቱ ድማ ድኽነትን ጥሜትን የስዕብ እሞ ክብሪ ደቂ ሰብ ዝቕንጠጠሉ፡ ኣብ ፖሊቲካዊ ጉዳያት ዘይተድህበሉ፡ ዓድኻ ገዲፍካ ትስደደሉ ወ.ዘ.ተ. ኩነታት ይፍጠር።

ካልእ ኣድማሳውነት ኣለዎ ክበሃል ዝኽእል፡ ብተግባር ድማ ኣብ ሃገርና ውን ዝተራእየ ረቛሒ ኣሎ። ኣብ ሳልሳይ ዓለም፡ ሓንሳብ መንግስታዊ ስልጣን ዝጨበጠ፡ ሰዓብነት (ምእዙዝነት) ህዝቢ ንክረክብ ዝሓሸ ባይታ ዘለዎ ምዃኑ፤ “ዝነገሰ ንጉስና ዝበረቐ ጸሓይና” ዝመስል ኣተሓሳስባ ነቲ ኣንጻር ህዝቢ ዝኾነ ስርዓት ህይወት ሂብዎ ከምዝጸንሐ’ውን ርኡይ ኢዩ። ብመሰረቱ፡ ምእዙዝነት፡ ካብ ኣወንታዊ ባህሊ ህዝቢ ዝመንጨወ፤ ማለት፡ ብሕጊ ናይ መንግስቲ ተማእዚዝካ ብሓይሊ ሕጊ ሓድነትን ስርዓትን ምርግጋጽ፤ ካብ ዝብል ካብ ጥንቲ ሱር ዝተኸለ ኣተሓሳስባ ኮይኑ፡ ናይ ገዛእ ርእሱ መላኺ ስርዓት ንዝተክል እውን ምቹእ ባይታን መንጸፍን ከምዝኾኖ ታሪኽ ንክሕብረና እንጽበየሉ ጉዳይ ኣይኮነን።

ገለ ካብ’ተን መደናገሪቲ ክኾና ዝኽእላ ተባሂለን ክጥቀሳ ዝከኣላ “አርትራዊ” ምኽንያታት፤

ባዕድነት ኣብ ኣርትራ ንክመርሕ ንክምችኦ ኢሉ ዘተኣታተዎ ናይ ከፋፊልካ ምግዛእ መደባት ዝገደፎ ኣሰራት፤ ንሕብረተሰብና ኣብ ጌና ኣሰራቱ ዘይጠፍአ ናይ ሕድሕድ ምጥርጣራትን ኣሉታዊ ውድድራትን ናይ ሕድሕድ መሰረተ ኣልቦ ምምዝዛናትን ቅድመ-ፍርድታትን ዘጥሓለ መርዛም ውርሻ ኢዩ። ሎሚ ብዛዕባ ብሔርን ብሔረሰባትን፡ ብዛዕባ ኣውራጃታትን ሃይማኖታትን፡ ብዛዕባ ቋንቋታትን ቀቢላታትን ከይዘከርካን ኣብ ግምት ከየእቶኻን ኣብ ዘይትውዕለሉ ፖሊቲካዊ ሃዋህው ኣቲና ንርከብ። እቲ ሃብትን ኩርዓትን ናይ ኣርትራውያን ዝኾነ ብዙሕነት ህዝቢ ኣርትራ (ባህልታትናን ቋንቋታትናን ሃይማኖታትን) ንገዛእ ርእሱ ናይ ገለ ውድባት ፖሊቲካዊ መበገሲን መፈላለዩን መለለዩ ኮይኑ ይርከብ። እዞም ዝተጥቕሱ ጉዳያት ኣብ መጻኢት ደሞክራሲያዊት ኣርትራ ዘተኣማምን ንጹር ሕገ-መንግስታዊ ዓንቀጻት ክሰፍረሎምን፡ ስክፍታ ናይቶም ዝምልከቶም ኣካላት ፎኺሱ ብማዕረ ክዋስኡ ውሕስነት ክግበር መሰረታዊ ኣገዳስነት ዘለዎ ኢዩ።

ኣብ ፖሊቲካዊ ዓለም፡ ህልውና ናይ (ካብ ሓደ ውድብ ንላዕሊ ዝኾና) ውድባት፤ ምስኡ ተሰኪምዎ ዝመጽእን ኣድማሳውን ዝኾነ ሓቂ ኣሎ። እዚ ድማ፤ ፖሊቲካውያን ውድባት፡ ነቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ውድብ ዝብድሃ እኳ ኣንተኾና፡ ነንሕድሕደን እውን ንስልጣን ዝወዳደራ ብምዃነን፤ ብባህርያተን፤ ኣብ ነንሕድሕደን ነቲ ኣብ ፕሮግራማተን ኣስፈረንኦ ዝርከባ ዕላማታት/ኣረኣእያታት ምርኩስ ብምግባር ኣብ ናይ፡ "መን ንህዝቢ ከሰበ" ውድድራትን ግርጭታትን ክኣትዋ ምርኣይ ልሙድ ኢዩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ድማ፡ ብስለታትን ክእለታትን (ወላ ኣብ ሓደ/ክልተ ካብኣተን) ምስ ዝጎድል፡ ናይ ቃልሲ ቀዳምነታት ስለዝዛባዕ፡ ቅልውላው የስዕብ እሞ እቲ ናይ ሓባር ተቓውሞ፡ ከምቲ ዝድለ ተጠርኒፉን ኣብ ሓደ ዕላማ ኣትኵሩን ከድምዕ ዝበቕዓሉ ኣኽእሎታት ክደክም ግድነት ኢዩ።

ኣብ ኣርትራዊ ፖሊቲካዊ ታሪኽ እውን እንተኾነ፡ ካብ ምብጋስ ናይ "ማሕበር ሸውዓተ" ኣትሒዙ ክሳብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ሞንጎ ውድባት ዝጸንሐ ዝምድናታት ክንዝክር እንተድኣ ፈቲንና፡ እቲ ዝህልወና ስእሊ ዘሕጉስን ከም ተሞክሮውን ክትመሃረሉ ዝዕድምን ኣይኮነን። ካብቲ ውድባት ምእንቲ ናጽነት ዘካየድኦ ተባዕ ታሪኻዊ ግደታት ፍልይ ኣቢልና፡ ነቲ ኣብ ሞንጎኦን ዝነበረ ዝምድናታት ክንዝክር እንተደኣ ኰይንና፤ ብዙሕ ምፍልላያትን ምግርጫዋትን ናይ ደም ምፍሳስ ተሞክሮታትን ምክሕሓዳትን ዝተራእየሉ፡ ክድገም ዘይድለ ታሪኽ ምዃኑ ዝከሓድ ኣይኮነን።

1. ህዝቢ ኣርትራ ከምቲ ብሓባር ንጸላኢ ንምስዓግ ሓቢሩ ዝተቓለሶ፡ ብወዲ ሃገሩ ንዝወረዶ ምልካዊ ስርዓት ግን ብሓድነት ክምክቶን ክነጽጎን ዘይምብቅዑ፡ ገለ ካብ ምኽንያታቱ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኢዩ። ብፍላይ ድማ፡ ቁጽሩ ውሑድ ዘይኮነ ኣርትራዊ፡ ነቲ ኣብ ግዜ ቃልሲ ሃገራዊ ሓርነት ዝነበረሉ ውድብ ከም እንዳ ኣቦኡ ብምውሳድ ንኣብ ውድቡ ወይ መንግስቱ ዝግበር ጉድለታት "መፍቶ ካልኦት ከይከውን" ብዝብል ዘይንቑሕ ኣተሓሳስባ ኣዕይንቱ ዘዕወረ፡ ኣእዛኑ ዘጽመመን ኣፉ ዝሓተመን ኣርትራዊ፡ ኣብ ምቕጻል ናይ ስርዓት ዲክታቶር ክብ ዝበለ ኣናዋሒ ግደ ከም እተጻወተን ይጻወት ምህላዉን ምዝኽኻር ንገለ ካብኣቶም ከበራብር ተስፋ እናተገብረ ኢዩ።

2. ተቓወምቲ ውድባት ተሓባቢረንን ተደጋጊፈንን ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣርትራ ምውዳቕ ቀዳምነት ብዝህብ ኣገባብ ከይተቓለሳ ነዊሕ ተጓዕዛ። እቲ ኣብ ቀረባ እዋናት ዝተመስረተ ዝተፈላለዩ ምሕዝነታት ድማ ብኣወንታ ዝምዘን ተስፋውን ዝንበረሉ እኳ ይኹንምበር፤ ክሳብ ነዚ ተታሓሒዝዎ ዘሎ ናይ ምምዕባል መስርሓቱ ኣብ ሸቶኡ ዘብጽሕ፡ ኣድማዕነቱ ከምቲ ዝድለ ከምዘይከውን ክግመት ዝከእል ኢዩ። ቀዳምነታቱ ሰሪዑ፡ በቲ ከራኽቦን ከም ሓደ ኣካል ኮይኑ ከስርሖን ኣብ ነንሕድሕዱ ድማ ምትእምማንን ምክብባርን ከሕድረሉን ዘኽእል ደረጃን ትሕዝቶን ስምምዓት ከይበጽሐ፡ ኣድማዕነቱ ከምቲ ዝድለ ክኸውን ከምዘይክእል ንኹሉ ርዱእ ክኸውን ይግባእ። ነዚ ምስ ዘማልእ ድማ ኢዩ ዝሰፍሓ ደገፍቲ

ዘጥሪን፡ ብሓላፍነት ዝእመንን፡ ኣብ ውሽጥን ወጽእን ንህዝቢ ወኪሉ ዝገብሮ ምንቅስቓሳቱ ኣድማዒ ዝኾውንን።

3. ኤርትራ ኣብ ዘበናዊ ታሪኻ (ከም ኦርትራ ካብ እትፍጠር)፡ ከም ሃገር ናይ ገዛእ ርእሳ ናጻ ዝኾነ መንግስቲ ዘይነበራ ብምኳና፡ በዚ ምኽንያት'ዚውን፤ ከም ወናኒት መንግስቲ፤ መወከሲ ዝኾና ናይ ገዛእ መንግስታ ታሪኽን ተሞክሮን ስለዘይብላ፡ እቲ ንመጀመርያ ናጻ መንግስቲ ንምትካል ዕድል ዝረኸበ ፖሊቲካዊ ሓይሊ ኣብ ብሕታዊ ርእይቶኡ ዝተሞርኮሰ ሓደ ኣዳናጋሪ ዲክታቶርያዊ ስርዓት መስሪቱ ንክቕጽል ክንድቲ ሽግር ከምዘይኣጋጠሞ ርኢና። እቶም፡ መብዛሕትኦም፡ ካብዚ ዘሎ ስርዓት ዝሓሸ ውጽኢት ዝጽበዩ ዝነበሩ ኣባላቱን ሰዓብቱ'ውን ኣንተኾኑ፤ ብሰንኪ ጉድለት ተሞክሮን ስእነት ታሪኻዊ መወከሲን፤ "ዲሞክራሲያ ብመራሕቶም ክትዕወተሎም"፡ ብኣዝዩ ዕሽልን ዘይፖሊቲካዊን ዝኾነ ኣተሓሳስባ፡ ዝጽበዩ ዝነበሩን ገለውን ገና ዘለዉን ኮይኑ ክምዘን ዝከኣል ኢዩ።

4. ኤርትራ ኣብቲ ምእንቲ ናጽነት ዘካየደቶ መሪርን ነዊሕን ቃልሳ፡ ካብ ሃገራት ዓለም ዝረኸበቶ ደገፍ ኣዝዩ ውሱን ኢዩ ነይሩ። እቲ ድሒሩ ዝተራእየ ደገፋት'ውን እንተኾነ፤ ካብ ንሓልዮት ህዝቢ ኦርትራ ተባሂሉ ዝተረኸበ፡ ንደርጊ ንምውዳቕ ዝዕላምኡ ይዓዝዝ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ድሕሪ ናጽነት ዝተፈጥረ ኩነታት እውን፡ ብመጀመርያ ንመራሕ መንግስቲ ኤርትራ ከም ዓቢ መራሒ ዝወሰደ ርእይቶ ዓለም፤ ምስኡውን እቲ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዝተራእየ "ጥቑው" ዝመስል ዝነበረ ምትሕብባራት፡ ንሓይልታት ተቓውሞ መንግስቲ ኤርትራ ንሓቀኛ እንታይነት መራሕ ኤርትራ ንምኽሻሕ ጸገም ፈጢሩለን ነይሩ ኢዩ። ሕጂውን ዝርአ ዘሎ ናይ ሃገራት መርገጻት፡ ብዘይካ'ተን ብተግባራት መንግስቲ ኤርትራ ዝተተንከፉን ናይ ገዛእ ርእሰን ሚዛናት ዘልዓላን ጎረባብቲ ሃገራት፡ መብዝሕትአን ሃገራት ምስ ቀጥታዊ ጥቕምታተን ኣብ ግምት ብምእታው ንተቓውሞ ጥራሕ ዘይኮነ ንኤርትራ ከይተረፈ ዘስግእ ፖሊሲታት ሒዘን ከምዘለዋ ንዕዘብ።

እምበኣርከስ፡ ሓይልታት ተቓውሞ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ኣንጻር ከምዚ ዝበለ ስርዓተ መንግስትን ኣብ ትሕቲ ፍሉይ ኤርትራዊ ኩነታትን ኢየን ዝቃለሳ ዘለዋ። ህዝብና ኣንጻር ዲክታቶር ክለዓል ዝዓግቱ ሕግታትን መጻወድያታትን ዓጊትዎ ኣሎ። ብሰንኪ'ዚ ድማ ድልየታቱ ከይገለጸ ደኒኑ ክኸይድ ስለዝግደድ፡ ኣብ ከቢድ ናይ ስነ-ኣእምራዊ ጭንቀት ኣትዩ ካብ ፖሊቲካ ርሒቑ ናብ ናይ ዕለታዊ ናብርኡ ዘተኩረሉ ዘሎ እዋን እዩ። ባይታ ተቓውሞ ኣብቲ ሓዲሽ ወለዶ"ውን፡ ብሰንክ'ቲ ጸረ ተቓወምቲ ውድባት ንዓመታት ዝተኻየደ ጽዑቕ ፕሮፓጋንዳ ከምቲ ዝድለ ኣይኮነን። ብኻልእ ሸነኻቱ ድማ ህዝቢ ነቲ ስርዓት ይፍርሓዮ ድኣምበር፡ ጸሊኡዎን ፈንፊንዎን ከምዘሎ ሃገሩ ገዲፉ ድሕሪ ምውጽኡ ኣዳዕዲዑ ዝዛረበሉን ዝትንትኖን ዘሎን ፍሉጥን ሓቂ ኢዩ።

ኣብ ስደት ዘሎ ኤርትራዊ እውን፤ ገሊኡ ብሰንኪ ኣብ ሃገር ዘለዎ ውልቃዊ ምኽንያታትን ጥቕምታትን ምስቲ ስርዓት ከይተጋጨወን ጠለባት መንግስቲ'ውን እናኣማልአ ክኸይድ ዝመረጸ ብምኳኑ ካብ ደንበ ተቓውሞ ዝቦኸረ ኢዩ። ብፍላይ ገለ ካብኣቶም ድማ ብ "ህግዲፍ" ንክእመኑ ክብሉ ናይ ቃልሲ መንፈስ ኣብ ምዝራግ ዝተዋፈሩ ከምዘለዉ መግለጺ ዘድልዮ ኣይኮነን።

እቲ ኣብ ምቅዋም ዝርከብን፡ ግናኸ ካብ ስሩዕ ህይወት ፖሊቲካዊ ውድባት ንነፍሱ ዝገለለን (ዘርሓቐ) ብዝመሰሎን ዝተራእዮን መምዘኒታት ንስርዓት ኣስመራ ዘቃልዕ ውሑድ እኳ እንተዘይኮነ፤ ንኣብ ውሽጢ ተቓውሞ ዝርከብ ምዕባለታትን ንናይ ተሳኒኻ ምስራሕ ዝምባለታትን ብዝምልከት ሸነኻቱ ግን ብሓደ መልክዕ ዝግለጽ ኣይኮነን ክበሃል ይከኣል።

ዝሓሸ ምቅርራባትን፡ ናይ ሓቢርካ ምስራሕ ባይታ ክፈጥርን ይኽእል'ዩ፤ ንኣድማዕነት ቃልሲ'ውን ንቕድሚት ይደፍእ"ዩ ተባሂሉ ብ"ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን" ዝተወሰነ ፡ "ሃገራዊ ዋዕላ"፡ ብዝተጸዐን ብጽፉፍ ምድላውን ክግበር ምስዝኽእል ኣብ ጉዕዞ ቃልሲ ተቓውሞ ለውጢ ከርኢ ከምዝኽእል ክግመት ዝከኣል ኮይኑ፤ ንዕቱብነት ናይቶም ዝተፈላለዩ ካብ ኪዳን ወጻኢ ዘለዉ ሸነኻትውን ክንጽር ይሕግዝ ይኽውን ክበሃል ይከኣል።